# ሕድሪ ስውኣት ይኽበር!

*ለካቲት 11 ይዘከር!*
*ይኩኖ መስፍን ቦሰተን*

እስቲ ንዘክሮም ጀጋኑ ስውኣት
ንሶም ጥራሕ'ዮም ናይ ህዝብና ኩርዓት
እቶም ዝወደቑ ኩሎም ሓርበኛታት
ይቕሰኑ ንሳቶም የብሎምን ክፍኣት::

ኣንታ ዞም ስውኣት ባሓበራ ኩሎም
ምእንተ ነዓና ምእንተ ንህዝቦም
ብደም ተቐለመ ኣሎዶ ትሕድሮም?

ክደሃየኩምዶ እስኪ ቅንዕ በሉ
ምሽጥር መስዋእትኹም እንታይ'ዩ ነይሩ?
በሉባ መስክሩ ትሓቂ ንገሩ::

ፃዕዳ ልቦኖኦም ጉዱ ዘይፈለጡ
ናይ መራሕቶም ልቢ ብኽፉእ ሓቢጡ
ልቢ ተፈንጂሩ በዚሕዎ ተንኮል
ቢሕትዋ ዓውዲ ናይ ጭካነ ማዕበል::

ኣብ ሳዕሊ ኣይቀደወን ኣይደልደለን ዓንዱ
ኮረቻ ስልጣን መዝነት ጭካነ ወሊዱ
እቲ ሓደ ነጀው ክብጀው ንዓዱ
እቲ ሓደ ክንየው ክመልእ ንኸብዱ
ዓይንና ሪኢና እንትከሓሓዱ::

ትግራይና ፍረዲ ተልዩኪ ድምፂ?
ሓቂ ድዩ ወረ መራሕቲ ትመርፂ
ሎም'ውን ክንርኢ ሽሞኛ ምስሌነ
ኣብ ሽረ ኣብ ኣኽሱም ኣብ ውቕሮ መቐለ
ናብ ህዝቢ ትቐርቡ ኣይረኣኹን ኣነ::

ግርም እባ ነይሩ ተዝወዳደሩ
ትሓደ ወዲቑ ትሓደ ስዒሩ
ስልጣን ተዝሕዝዎ እናተቐያየሩ
ብስኒት ብሰላም ፅዋዕ ተዝዓትሩ
ንሱ'ዩ ድሌትና ኩሉሻዕ ንወትሩ
ቶም ዝሰዓርናዮም ክንደይ ምሓፈሩ::

ነውሪ'ዩ ሰሚዐ ውድብ ከይትነቅፍ
ውግዝ ተባሂሉ በኡ ከይትሓልፍ
ብዙሕ ተባሂሉ ፖለቲካ ሃልኪ
ተንኮል ተጋዊሑ ሓቂ እንትተኪ
ትሓደ ትህፍትም ተሓደ ይደኪ
ባዓልወገን ትዝምር ትኻሊእ ይበኪ
ወሊዱ ዘዕብዮ ስርዓት ሓደ ምልኪ::

ስምረት ብፃይነት ኣብ መከራ ጭንቂ
ተሳልዩ ነይሩ ክሳብ ፀሓይ በርቂ
ተፃሒፉ ነይሩ ብቐይሕ ደም ብርዒ
ንፍትሒ ንሰላም ብዕሊ ብወግዒ::

ቃል ተረሲዑ ናይ ቁርፂ ማዓልቲ
ቁሪ ፀሓይ ነዳድ ሓጋይ ምስ ክረምቲ
ጥምየት ድኻም    ቀትሪ ምስ ማዓልቲ
ሽማግለ ቆልዓ ሰብኣይ ምስ ሰበይቲ
ኩሎም ተቓሊሶም ክወግሕ ትለይቲ::

ሓየሎም ኣግኣዚ ሰናይ ሙሴ ዋልታ
ቀለበት ኩሕለን ጓል ፀሃየ ማርታ
ቅንዕ እንዶ በሉ ሓንሳብ ፍረዱታ?
ተልያ ታህንፃ ኣብታ መረበታ
ቃልኩም እንዶሃቡ ንገርዋ ናታ
ተንፈስ እንዶ በሉ ንእሽተይ ቆላሕታ
ወይስ ሓቂ እዩ ኮይኑ መወዳእታ::

ሕድሪ ስውኣትና ዘልኣለም ይከበር!
ፍትሒ ዲሞክራሲ ንህዝቢ ንሃገር
ግዜ ናሃለወ ኣይፋል ዋዓል ሕደር
ንመርሽ ኩላትና ንሓቂ ንመስመር::

ክሰምር ትሕልሞም ንኹልና ፍቕሪ
ክኸብሩ ክዓርጉ ብናይ ጌታ ክብሪ
ሕብረት ይረጋገፅ ብስሉጥ ብናህሪ
ክላትና ንኽፈቶ ናይ ልብና ባሕሪ
ምእንታን ክሰምር ናይ ስውኣት ሕድሪ::

*ዘልኣለማዊ ክብርን መጎስን ምእንተ*
*ፈትሒን ሰላምን ዝሓለፉ ስውኣት!!!!*